ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## ሙሉእ ከባቢታት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቕልጡፍ ምኽፋት፡ ኣብ ምስፋን ነባሪ ሰላም ህዝብታትና ዓብይ ስጉምቲ ንቕድሚት!!

ስምምዕ ሰላም መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ዝብሰር እነሆ ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ሓሊፉዎ ኣሎ። ኣብ'ዞም ዝሓለፉ እዋናት፡ ዋላ'ኳ ከምዝተጸበናዮ ኣይኹን'ምበር ዘተባብዑ ለውጥታት ተራእዮም እዮም። እዞም ክሳብ ሎሚ ዝተተግበሩ ስምምዓት: ብቐንዱ ረብሓ መን ማእከል ዝገበሩ እዮም ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ግን ከዘራርብ ይኽእል እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ ብዓይኒ ሃገርና ኤርትራን ህዝብታትናን ክዕቀን እንከሎ፡ ብዙሓት ሕቶታት እናልዓልና ነቲ መስርሕ ሰላም ክንግምግሞ ንኽእል ኢና።

ጉዳይ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ እንርኢ፡ ካብ ህዝብታትና ተኸዊሉ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብምስጢር እናተሰርሓሉ ዝመጸ እዩ። እቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ መንግስታት ድማ፡ ኣሜሪካ፣ ስዑድን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ምዃኖም ንኹሉ በሪሁ ኣሎ፤ ጻዕርን ድኻምን እዞም መንግስታት ድማ፡ ብመንጽር ረብሐኦም ዝተቓነየ ምዃኑ፡ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን እዩ፡ እቲ ቀንዲ በዓል ቤት፡ ብስእነት ሰላም ኩሉ እንትንኡ ዝኸሰረ ህዝቢ፡ ካብ ሃገራዊ ጉዳዩ ተገሊሉ ናይ ማዕዶ ተዓዛብን ተጸባይን ኮይኑ ጸኒሑ ዘሎ።

ኣብ ላዕሊ ከምዝጠቐስናዮ፡ ካብ ጽባሕ ስምምዕ ሰላም ክልቲኦም መንግስታት፡ ናይ ስልኪ ርክብ፣ ናይ ነፋሪት በረራ፣ ምኽፋት ኤምባሲታት ካብ'ቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ኣወንታታት እዮም። ብተወሳኺ መጎዓዓዝያ ምድርን ናይ ወደብ ኣገልግሎትን ጅማሮታት የርኢ ኣሎ። እዞም ምዕባለታት'ዚኦም፡ ዝምድናታት ክልቲኦም መንግስታት፡ ብዝተወሰነ ደረጃ፡ ናብ ንቡር ቦቱኡ ናይ ምምላስ መስርሕ ዘመልክቱ እዮም። ይኹን'ምበር፡ ብሰንኪ ግጭት ዶብ፡ ቀንዲ ግዳይ ዝኾነ፡ ብዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ገመዳት ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ዝነብር ህዝቢ ናይ'ዚ ለውጢ'ዚ ቀዳማይ ተቓዳሲ ክኸውን እናተገበአ ሰለሰተ ወርሓት ኣማዕድዩ ክጽበ ጸኒሑ።

ኣረጋጊጽና ከም እንፈልጦ፡ ናይ ዶብ ኩናት ዝተወልዐ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም መንግስታት ብዝማዕበለ ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ እዩ። ኣብ ፖሎቲካውን ቁጠባውን መዳያት ዝተፈጠረ ፍልልይ እዩ። ገባቲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ እቲ ዝተኸሰተ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ፍልልይ፡ ብመስርሕ ዘተ ክፈትሖ ጽዒቱ ከምዝቐበጸ፡ ይትረፍዶ ንህዝብታትና፡ "ንሃገራዊ ባይቶን ካቢነ ሚኒስተራትን'ውን" ከምዘይሓበረ ይፍለጥ። ብዝኣምኖ ጀነራል ኣቢሉ፡ ብሽም ዶብ እቲ ኩናት ክእጎድ ኣዚዙ ከብቅዕ፡ መግለጺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ቅልውላው ዶብ፡ ነጠባ ከምዝኾኖ ከምስል ቲያትሮ ክሰርሕ፡ ኣብ ጽባሕ ወራር ባድመ ተኸታቲልናዮ ኢና።

ኣብ ሞንጎ ክልተ ልኣላውያን ሃገራትን መንግስታትን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት ፍልልይ ከጋጥም፡ ከም ውሁብ ክስተት ዝውሰድ እዩ። ኣብ ፖሊሲታት ዝፍጠሩ ፍልልያት፡ ናብ ኩናት ከምርሑ ግድን እንተዝኾውን ነይሩ፡ ዓለምና ነበረ ምኾነት ነይራ። ይኹን'ምበር መንግስታት ፍልልያቶም እናወንዘፉ፡ ኣብ ዘራኽቡዎም ሓባራዊ ረብሓታት እናተደጋገፉ ናይ ምኻድ መርሆ ስለዘዘውትሩ(ዓለምና ኣብ ቀዳማይን ካልኣይ ኩናት ዝወረደ ዕንወት ገዲፍካ) ካብ'ዚ ዘላቶ ናብ ዝበኣሰ ከየምርሐት ትቕጽል ኣላ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ግን፡ ምስ መንግስቲ ኢህወደግ ኣብ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ፖሊሲታት ፍልልያት እናፈጠረ ምስ ከደ፡ ምስ ዝኾነ ይኹን ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ይኹን ግንባር ከይተማኸረ፡ ብምስምስ ዶብ እዩ ናብ ኣዕናዊ ኩናት ዝኣተወ። ስለዚ'ምበኣር እቲ ጽልኢ ብመሰረቱ፡ ኣብ ሞንጎ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን መራሕቲ መንግስቲ ኢህወደግ'ምበር፡ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ፡ ምስ ህዝቢ ትግራይን ዓፋርን ድማ ብፍላይ፡ ፈጺሙ ኣይነበረን። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ሞንጎ መንግስታት ዝኽሰት ዘይምርድዳእ፡ ናብ ግጭት ክምርሕ እንተጀሚሩ፡ ብሓይሊ ይኹን ብምርጫ ህዝቢ፡ ዝሓዙዎ ስልጣን ተጠቒሞም፡ ንሰራዊትን ህዝብን ኣብ'ቲ ዝኣጎዱዎ ኩናት ምሩግራግ ዘይተርፍ እዩ። ብተግባር ድማ፡ ሰራዊት ክልቲኦም ሃገራት ኣብ ኩናት ተጠጢቖ ከቢድ ናይ ሂወት ዋጋ ከፊሉ፤ ህዝቢ ድማ፡ ካብ መረበቱ ተዘናቢሉ ንብረቱን ጥሪቱን ሳንሳን ኢሉ። ኣብ'ዚ ኩናት'ዚ ዝኾነ ይኹን ምስምስ እንተቐረበ'ውን፡ ቀንዲ ተሓታቲ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምዃኑ ጽኑዕ እምነትና እዩ።

እዞም ኣብ ከባቢ ዶብ ዝነብሩ ኣሕዋት ህዝብታት፡ ባርዕ ኩናት ሃልሃል ኢሉ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቆም እንተሃለቁን፡ ንብረቶምን ጥሪቶምን እንተናዓነወ'ውን፡ ማሕበራዊ ዝምድንኦም ኣይተበተኸን። ድሕሪ ክልተ ዓመታት ደማዊ ኩናት፡ ኣብ ኣልጀርስ ቶኽሲ ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕ ምስ ተፈረመ ድማ፡ ማሕበራዊ ዝምድንኦም ናብ ንቡር ንምምላስ፡ በብሸነኾም ኩሉ ዝከኣሎም ጻዕርታት ከካይዱ ተራእዮም እዮም። ኣብ እዋን ሓዘን ክበጻጽሑ፣ ብኣካል ተራኺቦም ዳስ ተኺሎም ሓዘኖም ክገልጹ እንተዘይተፈቐደሎም'ውን፡ ኣብ ከባቢ ዶብ ቅርብ ብምባል፡ ማዕዶ ንማዕዶ ኮፍ ኢሎም፡ ጽንዓት ይሃብኩም ክበሃሃሉ ዝተራእዩሉ እዋን ብዙሕ እዩ፤ ጸልማት ተኸዲኖም፡ ፈንጂን ዋርድያታትን እናተሳገሩ

ክራኸቡ'ውን ጸኒሖም እዮም። እዚ ክውንነት'ዚ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ'ቶም ኣብ ከባቢ ዶባት ዝነብሩ፡ ናይ ክልቲኦም ሃገራት ህዝብታት፡ ናይ ዝሓለፉ ልዕሊ 16 ዓመታት፡ መግለጺ ቀጻልነት ማሕበራዊ ምትእስሳሮም እዩ። ካልእ ድማ፡ ጨቋንን ግፍዐኛን ስርዓት ምሕደራ ርእሰ-ፋሽስት-ኢሳይያስ ዘሰክሖም ኤርትራውያን፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት፡ መንእሰያት፣ ሽማግለታት፣ ኣንስቲ ህጻውንት ቆልዑትን፡ ንዓዶም ኩቦ እናደርበዩላ ተሰዲዶም፡ ጊዝያዊ መዕቆቢ ረኺቦም ሂወቶም ዘድሓኑላ፡ እታ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ናይ ዜና ትካላቱን፡ ወግሐ ጸብሐ ከም ታሪኻዊ ደመኛ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝተወንጀለ መንግስቲ ኢህወደግ(ወያነ) ዝመርሓ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ክልል ትግራይን ዓፋርን ድማ ብፍላይ እየን። ብተወሳኺ፡ ገና ኲነታት ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ኣብ ዝነበረሉ 16 ዓመታት፡ ደሓን ዓቕሚ ዘለዎም ኤርትራውያን፡ ብመንገዲ ሱዳንን ካልኦት ሃገራትን ኣቢሎም፡ ብነፋሪት ናብ ኣዲስ ኣበባ እናገሹ፡ ኣዝማዶም ክሓቱ፣ ንብረቶም ከመሓድሩ፣ ደቆም ከማራዕዉ ምጽንሖም ካብ ገባቲ መንግስቲ ህግደፍ ዝተሰወረ ኣይነበረን። ስለዝኾነ'ውን፡ እቶም ዝተጻልኡ፡ ናብ ኲናት ደፊኦም ሂወት ዜጋታት ዘጥፍኡ፡ ክሳብ ወርሒ ሰነ 2018 ዓ.ም. ድማ፡ ከይተዓረቑ ሕድሕዶም ክወናጀሉ ዝጸንሑ ክልቲኦም መንግስታት እዮም። ህዝብታት ክልቲኡ ሃገራት፡ መንግስታቶም ዝተኸሉዎ ጽልኢ ስለዘይፈትሑ፡ ብቐጥታን ብስፍሓትን ክራኸቡ ደኣ ኣይተዓደሉን ጸኒሖም'ምበር፡ ኣብ ሞንጎኦም ሰላምን ዕርቅን ካብ ዘውርዱ፡ ዓመታት ሓሊፉዎም እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ድማ፡ ክልቲኦም መንግስታት፡ በብመንገዶም ዝፈልጡዎ እዩ።

እምበኣርከስ ኣብ ወርሒ ሰነ 2018 ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም መንግስታት ጥራሕ ምንባሩ ዋሕስ ኣግብእ ዘድልዮ ኣይኮነን። ህዝቢ ክልቲኡ ሃገራት ክጽበዮ ዝጸንሐ ድማ፡ ክልቲኦም መንግስታት ተዓሪቖም፡ ብሰራዊትን ፈንጂታትን ዝሓጸሩዎ ከባቢ ሺሕ ኪ.ሜትር ዝግመት ዶብ ክኽፍቱሎም ጥራሕ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ብመሰረት ዝበጽሑዎ ስምምዕ ሰላም፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ብሰፊሑ ክራኽብ ቅልጡፍ ለውጢ ዘይምርኣዩ፡ ኣብ ህዝብታትና ዝተፈላለዩ ሕቶታት ክለዓሉን፡ ዶብ እናጠሓስካ፡ ምስ ኣሕዋትካን ኣዝማድካን ናይ ምርኻብ ድልየት እናዓበየን እናደፍኦን መጺኡ። <u>**ኣብ'ዚ መዳይዚ እነልዕሎ ሕቶ፡ ንመስርሕ ሰላም ብመንጽር'ቲ ህዝብታትና ዝጽበዩዎ ቅልጡፍ ኣፈጻጽማ ከይህልዎ ዝገብር ዘሎ ሓይሊ መን እዩ ዝብል እዩ።**</u> ብትዕዝብትና፡ ብመሰረት ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ መስርሕ ምምልካት ዶብ ኣብ ምቅልጣፍ፡ ኣብ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣናት ኢትዮጵያ ከይተረፈ፡ ክንጸባረቕ ዝተኸታተልናዮ መርገጺ ስክፍታታት ከምዘሎና ክንእምት ጸኒሕና ኢና፤ በቲ ካልእ መዳይ ግን፡ ዝምድናታት ክልቲኡ ሃገራት ናብ ንቡር ተመሊሱ፡ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ክሕይል ይኹን ቁጠባውን ንግዳውን ዝምድናታት ክልቲኦም ሃገራት፡ ዳግም ተሓዲሱን ተጠናኺሩን ክቕጽል፡ ድሌት መራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘተባብዕ ብምዃኑ፡ ክብሪ ዝወሃቦ እዩ።

ብኣንጻሩ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ብምስምስ ዶብ ናብ ኲናት ኣትዩ፡ ዝሓሰቦ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ረብሓ ከረጋግጽ'ኳ እንተዘይከኣለ፡ ኣብ ኲናት ዝወረዶ መሪር ስዕረት፡ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ኢህወደግ(ወያነ) ብቐሊሉ ክፎሓቕ ዘይክእል ጽልእን ሕነ ናይ ምፍዳይ ስምዒትን ከምዘሕደረ፡ ኣብተን ዝሓለፍናየን 16 ዓመታት፡ ኣብ ወታደራዊ፣ ጸጥታዊ፣ ዜናውን ዲፕሎማስያውን ዓውድታት ዘካየዶም ምንቅስቓሳት ተጋሂዱ እዩ። ፖሎቲካዊ ስልጣን ሃገር ብሒቱ ካብ ዝሕዝ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን መዳያት ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘውረዶም ዘይተኣደኑ በደላት ንምድብስባስ ድማ፡ ጉዳይ ዶብ ጽኑዕ መሕብኢ ድፋዕ ተጠቒሙሉ ምጽንሑ፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ።

ንከባቢ 20 ዓመታት መሕብኢ ኩሎም ሓጥያቱ ተጠቒሙላ ዝጸንሐ ጉዳይ ዶብ፡ መንግስቲ ኢህወደግ ብዘቃልሖ ኣዋጅ ይኹን፡ ናይ ዓለምና ልዕለ ሓያል ዝኾነት ኣሜሪካን ናይ ዘባ ማ/ምብራቕ ጎብለላትን ብዘዕረፉሉ ተጽዕኖ፡ ሰላማዊ ፍታሕ ካብ ምቕባል ወጻኢ ካልእ መህደሚ ከምዘይብሉ ተገንዚቡ፡፡ ስለዝኾነ ድማ፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ 27 ዓመታት ብህዝብታትና ክቐላቐሉ ዝጸንሑ ተባራዕቲ ሕቶታት፡ ተወሊዖም ከየቃብጹዎ፡ መምሎቒ ዝኾኑዎ ስልትታት ሃሰስ ክሳብ ክብል፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ስምምዕ ሰላም፡ ዝሕቱል መስርሕ ኣፈጻጽማ ክህልዎ፡ ከም ቀንዲ ውራዩ ሒዙዎ ምጽንሑን ምህላዉን ንምግንዛብ ኣሸጋሪ ኣይኮነን።

እንታይ እዮም እቶም ዘስግኡዎ፡ ናይ ህዝብታትና ተዓፊኖም ዘለዉ ተባራዕቲ ሕቶታት ዝብል፡ ብሓጺሩ ምዝኽኻር ጠቓሚ እዩ ኢልና ንኣምን። እቶም ቀንዲ ቀንዲ ነጥብታት ንምጥቃስ፡-

1. ህዝብታት ኤርትራ ዝምርሑሉ፡ ብነጻ ውሳኔኦም ዘትዮም ዘጽደቑዎ ሃገራዊ ቅዋም የብሎምን፤ ስለዚ ድማ፡-
    1.1. ህዝብታትና ንቁጠባዊ ምዕባለኦም ዝውስን ቁጠባውን ፋይናንሳውን ስትራተጂ የብሎምን። ምሕደራ ገንዘብን ኣጠቓቕማኡን ብዝምልከት ርኡይ ዓመጽ ምህላዉ።
    1.2. ናይ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ነጻ ምንቅስቓስ ዕጹው ምህላዉ፡፡
    1.3. ህዝቢ መራሕቱ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ናይ ምምራጽን ምቁጽጻርን መሰል ተዓፊኑ ምህላዉ፡
    1.4. ድምጺ ህዝቢ ኮይነን ዘገልግላ ዝነበራ ጋዜጣታት ብሕቲ ተዓጽየን ምህላወን፤ ህዝቢ ነጻ ኮይኑ ክዛረብ፣ ተቓውሞኡ ክገልጽ ይኹን ክድግፍ...ወዘተ፡ መሰል ምስኣኑ፤
    1.5. ፍትሕን ርትዕን ዝበሃል ዘይምህላዉ፡፡ ዜጋታት ብናይ ጸጥታ ኣካላት ብለይቲ ይኹን ብቐትሪ ምስ ተወሰዱ ይሙቱ ይሃልዉ ዘይፍለጠሉ ኲነታት ሰፊኑ ምህላዉ፤
    1.6. ብዊንታ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ዝተኣወጀ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንዘይተወሰኑ ዓመታት፡ መንእሰያትና ብዘይ ብቑዕ ክፍሊት ዕድሜኦም ክበሊ ተፈሪዶም ምህላዎም።
    1.7. ህዝብታትና ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብነጻነት ናይ ምንቅስቓስ መሰሎም ተሓሪሙ ምህላዉ፤ ኣብ ወጻኢ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ናይ ምርካብ ዕድል'ውን ብሰበ-ሰብን ብብላዕን ኮይኑ ምህላዉ፤ ............... ወዘተ።

ኮታስ ሃገርና ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ብትእዛዝን መምርሕን ሓደ ውልቀ መራሒ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ትግዛእ ብምህላዋ፡ ህዝብታትና ማእለያ ዘይብሎም ሕቶታት ኣለዉዎም። እዚኦም፡ ብምስምስ ዶብ ተዓፊኖም ዝጸንሑ፡ ግን ድማ ቅልጡፍ ፍታሕ ዝጠልቡ ጊዜ ዘይወሃቦም ሕቶታት ምዃኖም እዮም።

ከምዝፍለጥ፡ ህዝብታትና ምስ ምምልካት ዶብ ዝተኣሳሰሩ፡ ስክፍታ ዝፈጥሩሎም፡ ንድሕሪት ክጥምቱ ዝገብሩዎም ማሕንቖታት እንተ ተኣልዮሙሎም፡ ብዘይ ወዓል ሕደር፡ ናብ'ቶም ን27 ዓመታት ከም ሕሱም ዝተሳቐዩሎም፡ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ጸገማት፡ ፍታሕ ክወሃቦም ምሕታቶም ዘይተርፍ እዩ። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ድማ፡ ነቶም ዝዓፈኖም ተባራዕቲ ሕቶታት ክምልስ፡ ብቕዓት ይኹን ቅሩብነት ከምዘይብሉ፡ ይትረፍ ህዝብታትና እቶም መዋእሎም ምስኡ ሕጊግ ዝበሉ ላዕለዎት መራሕቲ'ውን ኣንዳዕዲያም ዝፈልጡዎ እዩ። ድሮ'ውን፡ ኣቶ ብርሃነ ኣብርሀ፡ ንዓመታት ዓቑሩዎ ዝጸንሐ ትዕዝብትን ምረትን ብትብዓት ናብ ቅርዓት ከምዝተፍኦን፡ ካልኦት ኣብ ስደት ዝቕመጡ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ነበር ድማ፡ ደገፎም ክገልጹ ኣብ ዝረኣዩሉ እዋን በጺሕና ኣሎና። ስለዝኾነ'ውን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ምስ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ካልኦት ነባራት ሕቶታት ህዝብታትና ተደማሚሮም፡ ብቐሊሉ ክሰግሮም ብዘይክእል ከበድቲ ብደሆታት እናተቐርቀረ ይኸይድ ኣሎ። ስለዚ ድማ፡ ጊዜ ክሸምት፡ ኣብ ልቢ ህዝብታትና ኣትዩም፡ ጦብላሕ ዘይብሉ ስልትታት ክኽተል ይረአ ኣሎ።

**ንኣብነት፡-**

1. ን16 ዓመታት፡ "<u>ብውሳኔ ኮምሽን ዶብ መሰረት፡ ዶብና ከይተመልከተ ዘተ ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ</u>" ኢሉ ደሪቑ ጸኒሑ ከብቅዕ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ጉዳይ ምምልካት ዶብ ንጎድኒ ገዲፉ ኣብ ካልኦት ዓውድታት ክስዕስዕ ንርእዮ ኣሎና።
2. ብምኽንያት ዶብ ኩናት ኣባሪዑ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትና ብኸንቱ ክቕዘፉ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ክመዛበሉን ንብረቶምን ጥሪቶምን ክዓኑ ከምዘይገበረ፡ "**<u>ኣይከሰርናን</u>**"፣ "**<u>ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ሓደ ህዝቢ እዮም፤ ክልተ ህዝቢ እዮም ዝብል እንተሃልዩ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ እዩ</u>**" እናበለ ክመጻደቕ ሰሚዕናዮ። ብጌጋ በዲልናካ ኢሉ፡ ድንን ኢሉ ንህዝቢ ይቕሬታ ክሓትት'ውን ኣይረኣናዮን፤
3. ብተዛማዲ ርኹባት ዝኾኑ ወገናትና፡ ካብን ናብን ኣስመራ ኣዲስ-ኣበባ ብነፋሪት እናተመላለሱ፡ ቤተ-ሰቦም ክረኽቡ፡ ዓዲ ክርእዩ ክፈቅድ እንከሎ፡ ነቶም ብብዙሕ መዳያት ስጡም ማሕበራዊ ዝምድና ዘለዎም፣ መላምንቲ ሓዊ ዝኾኑ፣ ኣብ ሓደ ሩባ ሓቢሮም ዝውዕሉ፡ ኣብ ከባቢ ዶባት ዝነብሩ ናይ ክልቲኡ ሃገራትና ህዝቢ፡ ክራኸቡ ከይተፈቐደሎም ሰለስተ ወርሓት ሓሊፉ፤ ገንዘብ ዘለዎ ብነፋሪት ገይሹ ክራኸብ ዕድል እናተወሃቦ፡ ብእግሪ፣ ብፈረስ፣ ብበቕልን ብኣውቶቡስን፡ ብቐሊል ወጻኢ ክራኸብ ዝኽእል፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ግን እዉጅ ፍቓድ ከይተወሃቦ ምጽንሑ፤
4. ካብ ጽባሕ ስምምዕ ሰላም ጀሚሩ፡ ዶብ ጥሒሱ ክራኸብ እናፈተነን እናተደናደነን ዝጸንሐ ህዝቢ ከባቢ ዶብ፡ ንዘይተወሰነ እዋን ዓጊትካዮ ምጽናሕ ከምዘይከኣል ዝተገንዘበ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ከይፈተወ ብ11 መስከረም 2018 ንቡሬን ዛላንበሳን ብ15 መስከረም 2018 ድማ፡ ብመስመር መረብ ክኸፍቶ'ኳ እንተተገደደ፡ ገና ንሃገርና ምስ ኢትዮጵያ (ትግራይን ዓፋርን) ዘራኽቡዋ ዓበይትን ማእከሎትን ኣፍ-ደገታት፡ እዉጅ ፍቓድ ከይተወሃቦ ተንጠልጢሉ ኣሎ።

ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ነዚ ኣብ ከባቢ ዶብ ዝነብር ን20 ዓመታት ዝተፈላለየ ህዝቢ፡ ብዘይ ብዙሕ ወጻኢ ብቐሊሉ ክራኸብ ዝኽእል ኣሕዋት ህዝቢ፡ ንምንታይ እዩ፡ መዓልቲ ቆጺሩ እናናውሐ፡ ከም ድልየቱ ናይ ምርኻብ ዕድሉ፡ ከጓትቶ ጸኒሑ ዝብል ሕቶ ክነልዕል ይግብረና። መልሱ ንጹርን ዘየሻሙን እዩ። እቶም ምኽንያታት ብርክት ዝበሉ እዮም። ቀንዲ ነጥብታት ንምጥቃስ፡-

ሀ. ገና እቶም ብሽም ግጭት ዶብ ን20 ዓመታት ተዓፊኖም ዝጸንሑ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮምን ዘይተጠቐሱን ሕቶታት ህዝብታትና፡ መመኽነይታ ዝኸውን መልሲ ስለዘየዳለወ፡ ጊዜ ክሸምት ስለዘለዎ ብኣዋጅ ንዝተሰማምዓሉ ውዑል ሰላም፡ ብሙሉኡ ተግባራዊ ከይኸውን ብጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ከጓቱቶ ኮነ ኢሉ ይሰርሕ ምህላዉ።

ለ. ጊዜ ከይወሰደ መዕለቢ ክግበረሉ ህዝብታትና ዝጽበዩዎ ዘለዉ ጉዳይ ምምልካት ዶብ፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ሓኒቑ ሒዙዎ ዘሎ ምዃኑ፤ ዶብ ክልቲኡ ሃገራት ብቕልጡፍ ብኹሉ ከባቢታት እንተተኸፊቱ፡ ዶብ ናይ ምምልካት ሕቶ ሽዑ ንሽዑ ክለዓል ግድን እዩ፤ ምኽንያቱ፡ ምምልካት ዶብ ምስ ምውሓስ ልኣላውነትን ናጽነትን ሃገርና ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ድማ፡ ሕቡኣት ኣጀንዳታቱ ክሳብ ዘዐውት፡ ምምልካት ዶብ ተንጠልጢሉ ክጸንሕ ይደሊ፤ በዚ ምኽንያት፡ ዝተፈላለዩ ምስምሳት እናፈጠረ፡ ብኹሉ ከባብታት ዶብና ክፉት ናይ ምግባር መስርሕ፡ ከጓተት ይገብሮ ምህላዉ፤

ሐ. ብሰንኪ ኩናት ዶብ፡ ኣብ ድፋዕ ዓሪዱ ኣብ ሓለዋ ቀጽሪ ዝርከብ፡ ከይፈተወ ንዘይተወሰኑ ዓመታት ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ውትህርድና ተቖሪኑ ከርፋሕ ናብራ ዘሕልፍ መንእሰይ ኣሎ። ሙሉእ ዶብ ተኸፊቱ ሰላም እንተሰፊኑ፡ ኣድላይነት ሓለዋ ቀጽሪ የብቕዕ ማለት እዩ። እቲ ዓሪዱ ዘሎ መንእሰይ ድማ፡ ናብ ትምህርቱን ሓዳሩን ክምለስ፡ ክጣየስ ምሕታቱ ግድን እዩ። ነዚ ሕቶ'ዚ ድማ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ቅልጡፍ መልሲ ክህበሉ ብቕዓትን ድሉውነትን የብሉን። ስለዝኾነ'ውን፡ ኩነታት ዶብ ገና እዩ፤ መሊኡ ኣየፍለጠን እናበለ ናይ ምጥያስ ሕቶኦም ንምድብስባስ፡ ብኹሉ ከባቢታት ዶብ ቀልጢፉ ክኽፈት ዘይምፍቃዱ።

መ. ካልእ ንርእሰ ፋሽስት ንኢሳይያስ ዓብይ ሕማም ርእሲ ዝኾኖ ድማ፡ ኢትዮጵያ ብኣመራርሓ መንግስቲ ኢህወደግ(ወያነ) ኣመዝጊባቶ ዘላ ዝሓሸ ምዕባለ እዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ምስ ልኡኻቱ፡ ንኣዲስ-ኣበባን ሃዋሳን ኣብ ዝገበሮ መገሻ፡ ቁጠባዊ ምዕባለ ኢትዮጵያ ምስተዓዘበ፡ ምስ'ታ ብደዋ ዘዕነዋ ሃገረ ኤርትራ ምንጽጻሩ ኣይተርፍን ኢልካ ምግማት ይከኣል። ይኹን'ምበር፡ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ንጉጅላዊ ስልጣኑ ብምቕዳም፡ ኤርትራን ህዝባን እናበረሰ እንከሎዉ ዕጅብ ከይበሎ ብድርቅና ክቕጽል ስለዝጸንሐ፡ ሎሚ'ውን ናይ ኤርትራ ማ/ቁጠባዊ ውድቀት ከየሻቕሎ ይኽእል እዩ። ህዝብታት ኤርትራ ግን፡ ሙሉእ ዶብ ተኸፊቱሎም፡ ካብ ትግራይን ዓፋርን ጀሚሮም ናብ ሙሉእ ኢትዮጵያ፡ ብማሕበራውን ንግዳውን ጉዳያት ክመላለሱ ሰፊሕ ዕድል እንተረኺቦም፣ ህሉው ኩነታት ሃገሮምን

ምዕባለ ኢትዮጵያን ኣነጻጺርም ክመዝኑ ምኽኣኖም ዘይሰሓት እዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ን20 ዓመታት ብዶብ እናመሳመሰ፡ ንሃገርና ናበየናይ ማዓሙቕ ውድቀት ከምዝሸመማ፡ ብኣንጻሩ ኢትዮጵያ ግን፡ ኣብ ክሊ ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ኲነታት ኮይና'ውን፡ ጉዕዞ ምዕባለኣ ከመይ ኢሉ እናተመሓየሸ ከምዝኸደ ብዓይኖም ከረጋግጹ እዮም። ሃገሮም ኣጋጢሙዋ ናይ ዘሎ ውድቀት ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ሃዋሁው ሰፊኑ ብምጽንሑ ዘይኮነስ፡ ብቐንዱ ጸረ ህዝቢ፣ ጸረ ሰላምን ጸረ ምዕባለን ባህርያትን ተግባራትን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ምዃኑ፡ ንምግምጋም ዘጸግሞም ኣይከውንን። ከባቢታት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሙሉኡ ምኽፋት፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ኣሕዋት ህዝብታት ነባሪ ሰላም ኣብ ምውሓስ፡ ዓብይ ስጉምቲ ንቕድሚት ምዃኑ ዘይሰሓት'ኳ እንተኾነ፡ ውሽጣዊ ሃገራዊ ሕቶታቶም ዝፈትሕ ከምዘይኮነ ኣይስሕትዎን። ስለዝኾነ ድማ፡ ሃገሮም ካብ ኣትያቶ ዘላ ከቢድ ናይ ውድቀት ሓደጋ ንምድሓን፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንምትካል ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ካብ ምቅላስ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይብሎም፡ ናብ ዘየላጢ መደምደምታ ከምዝበጽሑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ድማ፡ ህዝብታትና ካብን ናብን ኤርትራ - ኢትዮጵያ ክመላለሱ እንተጀሚሮም፡ ውዒሎም ሓዲሮም ዝበጽሑዎ መደምደምታ ይግንዘቦ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ህዝብታትና ቀልጢፉ ተፈቒደሎም ኣይተፈቐደሎም፡ ከባቢታት ዶብ ጥሒሶምዎ ከምዝኸዱ ኲነታቶም ዘግሃደ'ኳ እንተኾነ፡ ዝተወሰነ ዕድል እንተረኺብኩ ኢሉ፡ ዉዑል ሰላምን ምኽፋት ሙሉእ ከባቢታት ዶብን ከዓትቶ ምፍታኑን፡ መስርሕ ምምልካት ዶብ  ኣብ ባይታ ከይትግበር ድማ፡ ዕንቅፋታት ዝፈጥር ሽርሕታት ምእላምን ከምዘይቁጠብ ንምግንዛብ ዘጸግም ኣይኮነን።

በቲ ይኹን በቲ፡ ጉዕዞ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ ከይዱዎ ዘሎ ውሱን ርሕቀት ዘተባብዕ ኮይኑ፡ ግን ከኣ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ከም ድልየት ህዝብታትና ከይቀላጠፍ ምግባር፡ ናይ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ድልየት ምዃኑ ዘይሰሓት እዩ፤ ይኹን'ምበር፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ዕድመ ስልጣን ርእሰ ፋሽሽት ኢሳይያስ ዘሕጽር፡ ናብ ሙሉእ ሰላም ዝሰጋገረሉ ሃዋሁው ክምዕብል ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ ክሊ'ዚ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሰላም ስምምዕ ዝረኣዩ ዘለዉ ኣወንታዊ ለውጥታት፡ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና ብዘውሕስ መንገዲ፡ ናብ ነባሪ ሰላም ዝቕየረሉ ኲነታት ንምፍጣርን፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምውጋድ፡ ሃገርና ናብ ዲሞክራስያዊ መስርሕ ምስግጋር ተምርሓሉ ኲነታት ንምምድማድ፡ ህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታቱን፡ ብትብዓት፣ ብተወፋይነት፣ ውሕልነትን ጥበብን ዝተመልአ ኣገባብ፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ክንቃለስ ህሉው መድረኽ ይጠልበና። ውድብና ሰደግኤ፡ ኣብ ክሊ'ቶም ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ዝሓንጸጾም ኣንፈታት ተመስሪቱ፡ ናይ ቃልሲ እጃሙ ከበርክት፡ ከም ወትሩ ድሉው እዩ።

**ዜናን ባህልን ቢት-ጽሕፈት፡**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
**15 መስከረም 2018 ዓ.ም.**